# ሰራዊት ኤርትራ፡ ኣብ’ቲ ካብ ወተሃደራዊ ህልውና ናጻ ዝኾነ መሬት ኣትዩ

ቤት ጽሕፈት ዜና
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
17.10.2006

1500 ወተሃደራትን 14 ታንክታትን ዝሓዘ ሰራዊት ኤርትራ፡ ብ16 ጥቅምቲ 2006፡ ናብ’ቲ ካብ ወተሃደራዊ ህልውና ናጻ ክኸውን ኣብ ኣልጀርስ ኣብ ስምምዕ እተበጽሓሉ 25 ኪሎ ሚተር ብምእታው፡ ነቲ ኣብ’ቲ ቦታ ዝነበረ ክፋል ናይ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ኣውጺኡ ባዕሉ ከም እተቈጻጸሮ ሰበ-ስልጣን ሕቡራት ሃገራት ሓቢሮም። ስፍሓት፡ ናይ’ቲ ሰራዊት ኤርትራ ተቘጻጺርዎ ዘሎ መሬት ክንደይ ምዃኑ፡ ሰበ-ስልጣን ሕቡራት ሃገራት ክገልጹ ድልዋት ኣይኰኑን።

ዋና ጽሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ ኮፊ ዓናን፡ እዚ ተግባር’ዚ፡ ነቲ ኣብ ኣልጀርስ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን እተበጽሐ ናይ ተኹስን ተጻብኦን ደው ምባል ዝብል ስምምዕ ዝጠሓሰን፤ ንጸጥታ ክልቲኡ ሃገራትን ንጸጥታ ናይ’ቲ ዞባ ንሓደጋ ዘሳጥሕን ኢዩ ክብል ገሊጽዎ። ኤርትራ ሰራዊታ ካብ’ቲ ጸጥታዊ ክሊ (DMZ) ብቕልጡፍ ክትስሕብ ድማ ጸዊዑ።

እዚ ስጕምቲ’ዚ፡ ኣብ ጽባሕ ምኽታም ስምምዕ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት ሱዳንን ግንባር ምብራቕን ምምጻኡ ድማ፡ ብዙሕ ሕታቶት ዘላዓዕል ኢዩ።